# " **Bye bye** ቀዋዒት""

** ኦሮማይ**

ሕጂ ዘየውጽእዋ ካብ ማዕሙቕ ጥልቀት
ንዕርብርብ እንዳሃተፈት
ከዳሚቶም ዶ ኣይነበረትን ዝበልዋ ትደግም
ዝረገጸቶ ጠሊምዋ ሓሻካ ማሌ ግርግም ናብቲ ህጉም
ተጣቒዕ ዶ ኣይነበረትን ተንቀባርር
ተንቀላውጥ ዶ ደኺይ ነበረት ትልቕልቕ ትጽሕትር
ጻሕገርገር ዶ ኣይበለትን ብኽድመት ተዓሲባ
ሕጂ እንደሞ ተቐለዐ ውሽጣዊ ጉልባባ
መሬት ዓዲ ሃገር ቆራሚማ ሸይጣ
ብዝሕላን ጮማን ከብዳ ኣዘፍጢጣ
ዘይትፈልጦ ክትፎ ቃላጽማ እንተሕበጣ
መሲልዋ ዝሓየለት ኣህዛብ ንቑልቁላ ኣፋጢጣ
ሕጂ እንደሞ ደበንገረ ኣንጸላልይዋ
መቓቕሮ እሳት ከቢብዋ--ረመጽ ተኻዕይዋ
ኣውዳላት ኣግኣዚ ደ' ሞ ክሳድ ኣውዒሎም
ጠብጠብቲ ለኣኽቲ ደ 'ሞ ሕጂ ኣድሒኖም
ስርግፍኦ ክትመልእ ፎቖዶ ዓውዲ ትቕውዕ
ግኖዖ ክትምእርር ዳስ እንዳማታ ተጣቒዕ
ካብትን ካብትን ገባቢታ--እጀታ እንዳ
ማታ
ዘለቕለቕ እንዶ ኾነ ሪሕብዋ ላዕታ
እዛ ነውራም !ዲሞክራሲ ያኢ ተረኺቡለይ ንዕንዳን
ጽዩፍ ባህሊ !ሰብኣይ ምስ ሰብኣይ ቃል ኪዳን
ቅዲ ሰብ ጻዕዳ ገዛ ከም ዘለዎ ሪዒማ
እዛ ቀዋዒት ቃርማ-- መሬት እንዶ ጠለማ
ዘሳወረቶ ሸልቢብዋ ሓሻካ ቀዋዒት
ሕጂ ደ 'ሞ ናዕቢ ጎንደር ተመሊሱ ድሕሪት
ጽልኢ ወልቃይት ቅዝፈት ኦሮሞ
ቀዋዒት ተቐርቂራ ናበይ እያ ትሃድሞ
ሓሻካ ቀዋዒት ኦሮማይ
**Bye bye bye**

ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሼ )

**10/ 08/ 2016**